ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ
ሰውራዊ ባይቶ
ቤ.ጽ. ኣቦ መንበር

جبهة التحرير الارترية
المجلس الثوري
مكتب الرئيس

Eritrean Liberation Front – RC
Chairman's Office

ዕለት፡- 16 ሰነ 2008
ኣርእስቲ፡- ተቓውሞ ኣንጻር ኣስገዳድ ምብራር ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ግብጺ

ክቡር ኣምባሳደርን ወኪል ግብጺ ኣብ ሕብረት ኣፍሪቃን ኤኮኖምያዊ ኮሚሽን ኣፍሪቃን
ስድስት ኪሎ፡ ኣዲስ ኣበባ

ቍጽሪ ፋክስ +25111552722

ክቡር ኣምባሳደር

እዚ መልእኽቲ'ዚ ኣብ ዝጸሓፈሉ ዘሎ ወቕቲ፡ መንግስቲ ግብጺ፡ ንኤርትራውያን ስደተኛታት በስገዳድ ናብ'ታ ጠንጢኖምዋ ዝመጹ ንህይወቶም ሓደጋ ዝኾነት ኤርትራ የባርሮም ኣሎ። ካብ'ቶም ክሳብ 10 ሰነ 2008 ኣብ ኢድ ሰበ-ስልጣን ግብጺ ምህላዎም ዝፍለጡ 1,600 ዝኾኑ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ድሮ 800 ዝኾኑ ናብ ኤርትራ ከምዝተባረሩን፤ ነቶም ዝተረፉ ድማ፡ ኣብ'ዘን ቀረባ መዓልታት ናብ ኣስመራ ንምብራሮም ምስንድኣት ይግበር ምህላዉ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ላዕለዋይ ኮሚሽን ሕቡራት ሃገራት፡ ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል፡ ህዩማን ራይትስ ዎችን ካልኦት ኣህጕራዊ ውድባትን እዞም ስደተኛታት እዚኣቶም ናብ ሃገሮም እንተደኣ ተመሊሶም ልክዕ ከም'ቶም ብ2002 ከምኡ ውን ብ2004 ካብ ማልታን ሊብያን ዝተባረሩ 342 ኤርትራውያን መንእሰያት ስደተኛታት ዘጋጠሞም ሓደጋታት ከጋጥሞም ኢዩ ዝብል ጥርዓነን እናስምዓን፤ ነቲ ምብራር ደው ክብል እናጸውዓን እንከለዋ ኢዩ እዚ ኢሰብኣዊ ተግባር'ዚ ዝፍጸም ዘሎ።

ክቡር ኣምባሳደር

እዚ ጥርዓን'ዚ፡ ብኣኹም ኣቢሉ ናብ ኵሎም እዚ ጉዳይ'ዚ ዝምልከቶም ሰበ-ስልጣን ዓረባዊት ሪፑብሊክ ግብጺ ከብጽሕ እሞ፡ ነዞም ጌና ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ዝርከቡ 800 ዝኾኑ ኤርትራውያን ስደተኛታት በስገዳድ ናይ ምስጓግ ውሳኔ ብህጹጽ ደው ከብልዎ ዝጽውዕ ኢዩ። ቅዳሕ ናይ'ዚ መልእኽቲ'ዚ፡ ናብ ሕብረት ኣፍርቃ፡ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ኣብ'ዚ ህጹጽ ጉዳይ'ዚ ክሕግዙ ትጽቢት ዝግበረሎም ናይ ሰብኣዊ መሰላት ማሕበራትን ተላኢኹ ኣሎ።

እዚ ብተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ሓደ ካብ'ቶም ቀንዲ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝቃለሱ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ፡ ዝቐርበልኩም ዘሎ ጥርዓን፡ ንመብዛሕትኦም ሰበ-ስልጣን ግብጺ ብዛዕባ'ዚ ኣሕዛኒ ጉዳይ ህጹጽ ቆላሕታ ክገብሩን፤ እዞም ካብ ግፍዕታት ናይ'ዚ ጨካን ብናይ ሓደ ሰብ ዝምራሕ

ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ኣፍወርቂ ዝሃድሙ ዘለዉ ዜጋታታ ብሰላም ክነብሩ ዝኽእሉላ ሃገረ ኢርትራ ክሳብ እትኾውንን፡ ዝኾነ ይኹን ናይ ምብራር ስጕምቲ ካብ ምውሳድ ደው ከተብሉን ዝጽውዕ ኢዩ።



ወልደሱስ ዓማር
ኣቦ መንበር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
16.06.2008

ቅዳሕ ናብ፡-

1. ዋና ጽሓፊ ሕቡራት ሃገራት:- c/o ውሃቢ ቃል ሚሸለ ሞንታስ Montas@un.org
2. ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፡- GUTERRES@unhcr.org
3. ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፡ ክፍሊ ሰሜን ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን፡- Osmanmanar@yahoo.com
4. ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት (UNHCR):- Larbour@unhcr.org
5. ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል:- c/o Dr. Martin Hill mhill@amnesty.org
6. ናብ ኤርትራውያን ናይ ሰብኣዊ መሰል ማሕበራትን መርበብ ሓበሬታታትን